Terapigrupp Smärta, april 2018

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN

VGR14259

TIGRINIJA

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN

# ሓበሬታ ሕክምና ብኦፒዮም ጌርካ፤ ምእንቲ ንብርቱዕ ህጹጽ ቃንዛ ንምዝሓል




## Information till dig som får behandling med opioid för akut smärta

## ሓበሬታ ሕክምና ብኦፒየም ጌርካ፤ ምእንቲ ንብርቱዕ ህጹጽ ቃንዛ ንምዝሓል

ንስኻ ንቓንዛ ንምዝሓል ተፈቒዱልካ ዘሎ መድሃኒት:

---

እቲ ቀንዲ ናይ እዚ መድሃኒት ህዋስ ወይ ቀመም ኣብ መድሃኒትካ ዘሎ ሽሙ ኦፖይድ ይበሃል። ኦፖይድ ሞርፊን ወይ ንሞርፊን ዝመሳሰል መድሃኒት ኮይኑ ንቓንዛ ዘህድእ መድሃኒት እዩ፤ ከምኡእውን ጎድናዊ ሳዕቤታታትን ወልፊ ከም ሞረፊን ይፈጥሩ። ኲሎም ኦፖይድ ንመዝሓሊ ቃንዛ መድሃኒታት ከም ናርኮቲካ ይቝጸሩ።እንተድኣ ኮደይን ዘለዎ መድሃኒት ተኣዚዙልካ፤ ንኣብነት ሲቶዶን ኣብ ኣካላትካ ናብ ሞርፊን ይልወጥ። ክትርስዖ ዘይብልካ እንተድኣ ካልኦት መድሃኒታት ከምእትወስድ ኮንካ ንሓኪምካ ክትሕብር ኣለካ። ቀንዲ ነገር ክትፈልጦ ዝግብኣካ እንተድኣ መህድኢ ወይ መደቀሲ መድሃኒት ትወስድ ኮንካ (ንኣብነት በንዞዲያዘፒነር)። ካልኦት ናይስነፍጥረት መድሃኒታት ወይ ሓኪም ዘይተጻሕፎም ብነጻ ዝዕደግ ትወስድ እንተድኣ ኮንካ ትሕብር።

## ውጽኢትን፤ጎድናዊ ሳዕቤናታትን

ኦፖይደር ጽቡቕ ክእለት መዝሓሊ ቃንዛ ውጽኢት ይህቡ፤ህጹጽ ቃንዛ ምስዘጋጥም ዝተዋህበካ ኣጠቓቕማ ትጥቀም። እቲ ቀንዲ ዕላማ ንዝወሃበካ መድሃኒት ብዝተዋህበካ ሓበሬታ ንምጥቃምን፤ ምእንቲ ቃንዛ ንኽዝሕልን ጎድናዊ ሳዕቤናታት ንኽጎድልን እዩ። እኹል ዘይኮነ መዝሐሊ ቃንዛ ምስእትጥቀም ሳዕቤኑ ናይ ነዊሕ እዋን ንምፍዋሱ ዘጸግም ቃንዛ ትፈጥር። ከምኡእውን ካብ ዝግብኣካ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንላዕሊ ምስእትጥቀም፤ ጎድናዊ ሳዕቤናታት ናይ ኦፖይድ ማለት ከም ምብዕጋግ ወይ ትኻስ፤ ቀልቀል ንምውጻእ የሸግረካ፤ ከምልሰካ ዝደለየ ኮይኑ ይስምዓካ ፤ድኻምን ፤ጸገም ናይ ምድቃስ ይፈጥረልካ። ብተወሳኪ ኦፖይደር ነብስኻ ንምቁጽጻርን፤ ምውህሃድን የሸግረካ።

**ኣብ እዋን ሕክምናኻ መኪና ካብ ምዝዋርን ወይ ካልኦት ምንቅስቓሳት ከም ኣተኩርካ ክትጥምቶምን ክትዕዘቦም ዘለካ ነገራት ካብ ምዝወታር ተቐጠብ። ኣልኮሆላዊ መስተታትን ወይ መህድኢ መድሃኒታትን (በንዞዲያዘፒነር) ካብ ምጥቃም ምጥንቃቕ፤ ምኽንያቱ ብርቱዕ ጎድናዊ ሰዕቤን ክፈጥሩ ስለዝኽእሉ።**

## ሕክምናኻ ኣብ ግዜኡ ትውድኦ

ከተስተወዕሎ ዘለካ ጉዳይ ሕክምና ካብ ክልተ ሰሙን ጌርካ ኣለኻ፤ በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ደስ ዘይብለካ ስምዒትን ምልክትን ናኢ ድቃስ ምስኣንን፤ምምብሃቑን፤ካብ ኣፍንጫኻ ፈሳሲ ይፈሰካ፡መርዓት ዓይንኻ ይሰፍሕ፤ ዕንፍሩር መሳሊ ኣብ ቆርበትካን ከምኡእውን ከምልሰካ ከምዝደለየን ኮኢይኑ ይስምዓካ። እዚ ምልክት ናይ ዛህዲ እዩ፤ ግን ከም ናይ መድሃኒታት ወልፊ ኣይኮነን። ክትዝክሮ ዘለካ ኣብ እዋን መድሃኒት ዝእዘዘልካ እዋን ምስ ሓኪምካ ብኸመይ ሕክምናኻ ከምእትውድእ ክትራዳዳእ ኣለካ። ናይ ነዊሕ እዋን ሕክምና ብኦፖይደር ኣካል ነቲ መድሃኒት ይለምዶ (ምዕባሌ ምጽማም) ፤ በዚ ምኽንያት እዚ እኹል ውጽኢት ንኽህበና ብዝሕ ዝበለ ዓቐን መድሃኒት ንወስድ። በዚ ምኽንያት እዚ ኣካላትናን ኣእሙሮናን ወልፊ ናይ መድሃኒት ይፍጠር።

**ምእንቲ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ሽግራት ንመጉዳል፤ ንዝወሃበካ መድሃኒት ከምቲ ሓኪምካ ዝኣዘዘልካ ኣገባብ ጌርካ መድሃኒትካ ትወስድ። ባዕልካ ንመድሃኒትካ ከተጉድሎ ወይ ክትውስኾ ወይ ድማ ከተናውሖ ወይ ከትሕጽሮ  ኣይፍቀደልካን እዩ። ቃንዛኻ ኣብ እዋን  ሕክምና ምስተወድአ ምስዘየቋርጽ ምስ ሐኪምካ ምኽሪ ንኽህበካ ትዘራረብ።**

## ኣብ ግዜ ጥንሲ/ኣብ እዋን ንሕጻን ምጥባው

ጥንሲ ወይ ተጥብዊ እንተድኣ ኮንኪ፤ እቲ ቀንዲ ነገር ቅድሚ ሕክምና ምጅማርኪ ጥንሲ ከምዘለክን/ከምእተጥብዊ ከምዝኾንኪ ንሓኪምኪ ትሕብሪ።